## ** ዕዉት ሰሚናር ውዳቤታት ህ.ግን ሃማድኤን በይ ኤርያን ከባቢኣን፡ **

ሰንበት ሕዳር 5, 2016 በዋዳድብኡ ንመጀመርያ ግዜ ካብ ሓሙሽተ ከተማታት ካሊፎርንያ ማለት ፍረዝኖ፡ ሳንታ ሮሳ፡ ሳን ፍርንሰስኮ፡ ሳን ሆዘ፡ ኦክላንድ፡ ብቑጽሪ ኣዝዩ ብርኩት ዝኾኑ ወከልቲ ውዳቤታት ህዝባዊ ግንባርን ሃገራዊ ማሕበር ደቂንስትዮ ኤርትራ (ሃ.ማ.ድ.ኤ) ዝተሳተፍኦ ጉዙፍ ሰሚናር ኣብ ኦክላንድ ማህሕረ ኮም ኤርትራውያን (ECCCC ) ተኻይዱ። እዚ ሰሚናር'ዚ ካብቶም ቅድሚ ሕጂ ዝካየዱ ዝነበሩ ሰሚናራት ፍሉይ ዝገብሮ ኣባላት ውዳቤታት ህ.ግ.ን ሓማድኤን ናይ ሓሙሽተ ከተማታት ካብ ዝተፈላለየ ርሕቀት ናብ ቦታ ሰሚናር ተረኺበን ብዛዕባ ሃገሮምን ውዳቤኤን ከዝትያ ዘለዎም ተገዳስነት ከሳብ ክንደይ ዓቢ ምኻኑ ዘርኢ'ዩ ነይሩ። ኣኼባ ከምቲ ልሙድ ብዝኸሪ ሰማእታት ጀሚሩ። ድሕሪኡ *መዝሙር" ውድብና* " ተዘሚሩ ኣኼባ ተጀመረ።

ኣኼባ ቅድሚ ምጅማሩ ብጻይ ኣልኣዛር ኣብርሃም ዓላማን መደባትን ኣኼባ ኮምኡ'ውን ኣገድስቲ ዝኾኑ ሓበሬታታት ኣቕሪቡ። ቀጺሉ ብጻይ ዮውሃንስ ካሕሳይ ጥርኑፍ ጸብጻብ ስራሕ ብሓሙሽትኤን ከተማታት ዝተዓመ ገሊጹ። እዚ ውህደትን ሓቢርካ ምስራሕ ዘመልክት ጸብጻብ ንተሞኩሮ ማሕበራትና ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘበርክት ገዛ ዕግበቱ ገለጸ።



ብካልእ ወገን ዋላኳ ቤት ጽሕፈት ኣምባሳደር ኤርትራ ዋሺንግቶን ምስ ኩለን ውዳቤታትን ማሕበራትን ብዝተፈላለየ መንገዲ ተራኺቡ እሂን ምሂን ዝብል እንተኾነ፡ እዚ ናይ ሎሚ ሰሚናር ፍሉይ ዝገብሮ ግን ናይዘን ዝተፈላለያ ከተማታት ኣባላት ብኣካል ኣብ ሓደ ኣደራሽ ንምምይያጥ ምእካበን ንኣባል ኤምባሲ ዓቢ ኣጋጣሚ'ዩ ኔይሩ። ከም ኩሉ ግዜ ኣባል ቤትጽሕፈት ኤምባሲ ብጸይቲ ሓድነት ቀለታ ኣብዚ ኣኼባ

ተረኺባ ብዛዕባ ዞባውን ኣህጉራውን እዋናዊ ኣገደስቲ ኣስተምህሮን ሓቤረታን ሂባ። ንምዕባለ ማሕበረ ኮማትና ዝጠቅም ሓሳባት ምክፋላ ካብቶም ኣብዚ ኣኼባ ዝተዘርበሎም ኣገደስቲ ነጥብታት ነኔሮም እቲ ሰሚናር ናይ ሙሉእ መዓልት ስለ ዝነበረ ማለት ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ፡ ክሳብ ሰዓት 7፡00 ድ/ቀ. እንግዶት መግቢኢ ብኣባላት ሐማድኤ ከተማ ሪችሞንድ ካሊፎርንያ ጨንፈር ሃማድኤ ኦክላንድ ዝኣክል ቀረብ ስለ ዝነበረ እቲ ሰምሚናር ዘባኸኖ ግዜ ኣይነበረን። ተሰሪዖም ዝነበሩ ኣርእስትታት ኣብ ዝተመደበሎም ሰዓት ምስ ቀረቡ ተሳትፍቲ በብጉጅለ ተመቓቒሎም ንክትዕ ቀረቡ። ጉጅለታት ዝኣኽለንን ዝመስለንን ክትዓት ምስ ኣኻየዳ ጸብጻበን ኣብ ገዛ ኣቕረባ። ብኡ መሰረት ከኣ ኣቦወንበር ንኹሉ ጠርኒፉ ደምዳሚ ውጺኢት ኣቕረበ።



ኣብቲ ኣኼባ ሓደ ኣገዳሲ ሓሳብ ቀሪቡ ኔሩ። ተሳተፍቲ ንክመያየጡሉ ንገዛ ዕድል ተዋህበ። እቲ ዝቐረበ ሓሳብ ኣብ ርእሲ’ቲ ዘሎ ጥቡቕ ዝምድና ውዳቤታትናን ሃ.ማ.ደ.ኤን፡ ብዝያዳ ዘቀራርብን ዘተኣሳስርን ኮይኑ ስለ ዝተረክበ፡ ገዛ ሓንጎፋ ኢሉ ተቐበሎ። ንኣተገባብሩን ዝህቦ ጥቕምን ብሰፊኡ ድሕሪ ምምማይ፡ ውዓል ሕደር ከይተባህለ ኣብ ተግባር ክትርጎም ኣካያዲት ሽማግለ፡ ብጉባኢኛታት ድምጺ ተመሪጻ ሓላፍነታ ተረከበት። ስራሓ ንምጅማር ዘኽእላ ሓሳባት ከተቕርብ ግዜ ስለ ዝተዋህባ፡ ተመያይጣ ሓሳባን ኣገባብ ኣጀማምራ ስራሓን ንጉባኤኛታት ገለጸት። ኣብ ጉዕዞ ስርሓ ንዘጋጥሙዋ ምዕባሌታት ብቑልጡፍ ንኣባላታ መታን ክትሕብር ናይ ኩሎም ተሳተፍቲ መራኸቢ መንገድታት ኣመዝገበት። በዚ መሰረት ብገዛ ተባሪኻ ስርሓ ጀሚራ ።



ካልእ መንፈስካ ዘሔድሱ  ኣብ ምንጎ ዝቐርቡ ዝነበሩ ሓበሬታን ተሞኩሮን ናይ ዝተፈላለዩ ኣባላት ካብቲ ነቲ ኣኼባ ኣዝዩ ሰሓቢ ጌሩዎ ምንባሩ’ዩ።  ኣብ ሓደ ጉዕዞ ቃልሲ ከለኻ ቦታን ግዜን ስለ ዘየፍቀደ ብቐረባ ገጽ ንገጽ ተረኣኢኻ ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥ ጸቢብ’ዩ ኔሩ።  እዚ ኣኼባ’ዚ ግን ሓጹር ጥሒሱ  ብዙሓት ኣባላት ገጽ ንገጽ ኣረኣእዩ ሃብታም ተሞኹሮታት ክቀያየሩ ዕድል ከፊቱ።







ጉባኤኛታት ንቐጻሊ ጉዕዞ ክሰርሑሎም ዘለዎም ውሳኔታት'ውን ቀሪቦም። ዝርዝራቶምን ብኸመይን መዓስን ኣበይን ከምዝትግበሩ፡ ሓደ ብሓደ ብቱኽረት ድሕሪ ምምማይ፡ ኩለን ውዳቤታትን ሃማድኤን መደብ ዕዮ ሰኒቐን ኣብ በቦታኤን ምስ ተመልሳ መምስ ኩነታትን ዝዛመድ ኣብ ተግባር ከውዕልኦ ተሰማሚዔን። ነንሕድሕደን ዘድሊ ሓበሬታ ክለዋወጣ'ውን ከም ቀዳማይ ዕማም ወሲደንኦ ኣለዋ። ዋዕላ ንምድምዳም መራሕ መደብ ምስጋንኡ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣኼባ ብዝኽረ ሰማኣታት ተደምደመ።

ምስጋና ንኣዳለውቲ መደብ፡
ምስጋና ንቤትጽሕፈት ኤምባሲ፡
ምስጋና ንተሳተፊ፡
ምስጋና ንሃማድኤ ጉጅለ ርችሞንድ
ምስጋና ንማ/ኮም ኦክላንድ (ECCCC)
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።
11-6-2016.